


# ሕልሚ ዓባይ ፎርቶ !

ኣቱም ዕሱባት ዘራጊቶ..............
ተረፍ መረፍ ሕልሚ ፎርቶ
ግለት ናይ ታሪኽ ነደይቲ ኳኹቶ
ኣቱም ከደምቲ እኽብካብ ድርዕቶ...............
ሰብ ገበን ሰረቕቲ ናይ ብልሽውና ሳርቶ
መሳርሒ ዓመጽ "ተቓውሞ" ኳትሮ ኦቶ
ኣቱም ሰብ ባልዋይ ዘመን ወፍሪ እቶ................
ጊልያወት ጸዓዱ ናይ ዕንወት ተማቶ
ስውኣት መርከሲ ኣብ ዘይብልኩም ትሕዝቶ
ሓለንጊ ነዊሕ'ዩ ሰውራ ዘፍረዮቶ...................
መስዋእቲ ንቡር'ዩ ጥልመት ኣብ ዘላቶ
ሕሰቡሉ ደኣ ከይትኾኑ 'ሮስቶ !

ህዝብና ክርህዎ ክድረር ሽቂሉ
ኣውፍሩ እናተባህለ ስራሕ ክፈጥረሉ
ማዕድናት ወጺኡ ምሕደራ ዋህሊሉ
ምጣነ ሃብትና ክምዕብል ብኹሉ
ዓሳታት ክግፈፍ ሕርሻ ማዕቢሉ
ፕሮቲን ቪታሚን ሰብና ክቐርበሉ
ገዛ ንክስራሕ መደባት ወጺ'ሉ
ቀሪብና እንዳበልና ማርሻ ቀይርናሉ
በጋሚንዶ ኮኔል "ተቓወምቲ" በሉ
"ለውጢ" ከምጽኡልና ከም ሊብያ ክውዕሉ
ይሕሰቡሉ ደኣ ይሕሰቡሉ
እንተተደጎለ ጓህሪ ሓመድ ኣብ ምምሳሉ
ክመምዩ ይግባእ "ዓወት ን'ሓፋሽ!" ቃሉ !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና !
ክብሪን ሞገስን ንምክልኻል ሰራዊትና !
ወትሩ ዓወት ን'ሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ህዝባዊ መኸተ ኣብ ሚድያ፡ 2013